# 🌿 ባህልና፡ ናይ ሓባር ውርሻና

## 1. 🌿 ባህሊ እንታይ እዩ?

🌻 ልሙድ መግለጺ ናይ ባህሊ እኩብ ሓባራዊ መንነት ናይ ሓደ ህዝቢ እዩ -ማለት ሓባራዊ ባህላዊ ክብርና፣ እምነታትናን፣ ነርእዮ ባህርያትናን ናይቲ ማሕበረ ሰብና ሂወታዊ መነባብሮን ኣዘራርባን ናይ ሓዘን ኣገባብናን ኣከባብራ ባዕላትናን ነንሓድሕድና ኣኽብሮታዊ ኣቀረባናን ማለት እዩ። ብዓሚቑ ክርኣ እንክሎ መግለጺ ልምድታትና ጥራሕ ኣይኮነን። እቲ ሞራላውን መንፈሳውን ሕብረተ ሰብና ማለት ህዝብና ናብ ምስ እዝጊኣብሔሩን ምስ ቤተ ሰቡን ስድርኡን ምስ ሕብረተ ሰቡን ዝቐርብሉ ኣገባብ ጠማሪ ቀያዲ መምርሒ እዩ።

🌻 ባህሊ ካብ ወለዶ ንወለዶ ዝመሓላለፍን ትመሃሮን እተተግብሮን እተርእዮን ጠባያት እዩ። ነቲ ማሕበረ ሰብካ ኣኽብሮታዊ ሚዛንን መንገዲ ዝመርሐን ሓድነት ዝፈጥረሉን ውርሻዊ ተርእዮ እዩ።

## 2. 🌿 ባህሊ ኣብ ኤርትራዊ ጸኒሓዊ ውርሻ

ኩሉ ግዜ ንኤርትራውያን ባህሊ ካብ ደርፍታትን ትልሂታትን ምዝንጋዕን ሳዕሳዒትን ክዳንን ንላዕሊ እዩ። ናይ ዘመናት ሓባራዊ ታርኽን፣ ቃልስን፣ እምነትን ማሕበረ ሰባዊ ምርኩስ ዝገበረ ናይ ሂወት መነባብሮ እዩ።

🌱 ብእምነትና ኤርትራዊ ባህሊ ማለት፡

- ማሕበረ ሰባዊ (ኮማዊ) - ኣብ ሓዘን ይኹን ሓጎስ ንበይንኻ ዘይትኾነሉ ብማሕበረ ሰብካ እትኽበበሉ እዩ።
- ኣኽብሮታዊ፡ ዓበይቲ ዝኸብርሉ፣ ኣጼታት ብኣኽብሮት ዝፍቀራሉ፣ ኣጋይሽ ብጽቡቕ ፍሕሽዊ መንፈስ ዝእንገድሉን ዝርኣይሉን እዩ።

- ሓቂ ዝማእከሉ፡ ሓቅነት ሞራላዊ ግድነታዊ ሓላፍነት እንበር ምርጫ ኣይኮነን።
- ሩህሩህ ትሕትና፡ ግቱር ድርቅነት፣ ጃህራ፣ ምግናን ቅቡላት ኣይኮኑን።
- ተጻባጻብነት፣ ማሕበረ ሰባዊ መምርሒታት ንመንእሰይ ይእርሞን ይከላኸለሉን።
- ልግሲ፡ ነንሓድሓድካ ምትሕግጋዝ ቱካቦ ዘይኮነስ መንነት እዩ።

🌻 እዚ ባህሊ'ዚ ቀጻሞት ወለድና ፍትሒን ትሕትናን ትብዓትን ሓላፍነት ምስካምን መሰረቱን ማእከሉን ጌሮም ዝቐረጽዎን ዘማሓላለፍዎን እዩ። ኣብ ግዜ ሽግርን መግዛእትን ውግእን ቃልስን ስደትን ኩሉ ሕሰማትን ንሕብረተ ሰብና ጠሚሩ ብሓድነት ዘጠመሮ ባህሊ እዩ።

## 3. 🌿እምነት ዝመሰረቱ ባህሊ፡

ኤርትራዊ ባህሊ ምስ እምነት ብዕምቀት ዝተኣሳሰረን ብዙሕ ዘይፈላለን - ክልቲኡ ኣብ ኣላህ ዝተሞርከሰ እስላማውውን ኦርቶዶክሳውን ካልኦት ክርስቲያንን ኣብ ልዑል እግዚኣብሔር እምነት ዝሰረቱ ጸኒሕ ልምዲ እዩ።

🌱 ባህላዊ መሰረት ናይ ክልቲኡ እምነታት ዳርጋ ሓደ ወይ ተምሳሳሊ እዩ ክበሃል ይከኣል፡

- ናይ ልዑል እግዚኣብሔር ልዑል ኣኽብሮት
- ንኹሉ ሰብ ሰብኣዊ ኣኽብሮት
- ንሓቅነት ተገዳስነት
- ንድኹም ርህራሄ ምርኣይ
- ማዕረነታዊ ፍትሒ
- ሰብኣዊ ትሕትና ኣብ ቅድሚ ፈጣሪ

🌻 ባህልና ኣብ ዘይእምነት ዝተሞርከሰ ማለት ሰኩላር ኣይኮነን ኣብ እምነት ዝተሃንጸ እዩ። ሰብኣዊ ሞራል ምርጫ ዘይኮነስ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ግዴታ እዩ።

## 4. 🌿ባህልና ዝግደሰሎምን ዝትግብሮም ሚዛናዊ ዋጋታት ወይ ክብርታት

🌱 ኤርታዊ ባህሊ ነዞም ዝስዕቡ ወትሩ የተባብዕ፡

- ንኣርጋውያንን ኣቦታትን ኣዴታትን ንማሕበረ ሰብ መራሕትን የኽብር
- ነን ሓድሕድካ ብማዕረነታዊ ፍትሒ ምቅርራብ
- ኣብ ግዜ ጸገም ነንሕድሕድካ ምትሕግጋዝ
- ዋላ እንተ መረረ ሓቂ ምዝራብ
- ኣብ ማሕበራዊ መርዓን ቀብርን ጥምቀትን ምትእኽኻብን ምስታፍ
- ኣብ ጠባይካን ዘረባኻን ትሕትናን ርህራሄን ምዝውታር
- ብፍቕርን ሓልዮትን ማሕበረ ሰባዊ ንመንእሰያት ምእራም
- ሓድነት ኣብ ሃገራዊ ሕሰምን ማሕበረ ሰባዊ ጸገምን
- ኣብ ግዜ ሓጎስ ሓላፍነታዊ ሚዛናውን ምዝንጋዕ

🌻 እዞም ዋጋታት ወይ ክብርታት እዚኦም ኣባላት ማሕበረ ሰብ ነንሕድሕዶም ዝተኣማመንሉ ጎረባብቲ ከም ቤተ ሰብ ዝረኣእዩሉ ሞራላዊ ስነ ስርዓት ዝትግበረሉ ሕብረተ ሰብ ፈጢሩ።

## 5. 🌿 ኤትራዊ ባህሊ ዝነጽጎ / ዘይቅበሎ፥

🌱 ልክዕ ከምቲ ባህልና ዝቐበሎም ተግበራትን ጠባያትን እቶም ዝነጽገሞን ዘይቅበሎምን እውን ብተገዳስነት የለልዮም። ባህልና ነዞም ዝስዕቡ ወትሩ ምስ ነጺጎም እዩ፥

- ንኻልኦት ምጽራፍን ምንእኣስን
- ምትልላን ሓሶትን
- ስስዐን ዘይናትካ ምድላይን
- ንዓበይትን ኣዴታትን ዘይምኽባር
- ዘይ ሞራላውን ዘይቅቡል ባህርያት ምዝውታር
- ጃህራንን ምግናንን ምርኣይነትን

- ሽፈጥን ምትሳልን ኣብ ስራሕን መርዓን ማሕበረ ሰባዊ ጉዳያትን
- ኣብ ማሕበራዊ ጸገም ዝርኣየሉ ግዜ ዘይትኣደነ ጓይላን ምዝንጋዕን
- እምነትን ጸሎትን ሞራላዊ ሓላፍነትን ዘይምዝውታር

ኣብ ባህልና ነጻነት ማለት ዝደለኻዮ ምግባር ዘይኮነስ ሓላፍነትን ልቦናን ፈሪሓ እግዚኣብሔርን ዘለዎ ባህርያትን ተግባራትን ምርኣይ ማለት እዩ።

## 6. ባህላዊ ተልእኾ/ዕላማ ዛራ ሰላም ሚድያ፣

ዛራ ሰላም ሚድያ ተልኦኻዊ ኣትኩሮኣ ነዞም ክቡራት ባህላዊ ውርሻ ምሕዳስን ምሕያልን እዩ።

ሽቶና፣

- ኣብ እምነት ዝተሞርኮሰ ሓቀኛን ኣኽብሮታውን እንታይነትና ምምላስ
- ማሕበረ ሰባትና ናብ ልሙድ ሞራላውን ፍትሓውን ተግባራት ንክምለሱ ምትብባዕ
- ኣብ ፖለተካዊ ምምቕቓል ገዲፍና ኣብ ሓባራዊ ዋጋታትና ዝተሞርከሰ ሓድነት ምብርባር
- ንእዝጊኣብሔርን ስድራ ቤትን ማሕበረ ሰብ ብዘኽብር ኣገባብ ባህላዊ ባዓላት ምኽባር
- ንሕብረተ ሰብና ዘዳኽምን ዝኸፋፍልን ባህርያት ምብዳህ
- ንመንእሰይ ወለዶ ናይ ቀዳሞት ኣቦታት ባህላዊ ውርሻታት ክቕበል ምትብባዕ

- **ባህላዊ ትንሳኤ ዝተሞርከሰ ናይ ሰላም መንገዲ ምህናጽ**

**ኢርትራውያን ናብ ሓቀኛ ዝኾነ ባህላዊ ዋጋታትና /ክብረታትና ተመሊሶም ትሕትናን ኣኽብሮትን ሓቀነትን እምነትን ምስ ዝምለሱ ናይ ሰላም ጉዕዞ መንገዲ ክኽፈት እዩ ኢልና ንኣምን።**

## 7. ባህሊ ከም መሰረት ናይ ሰላም ጉዕዞ

**ናብ ባህላዊ ውርሻና ባህጋዊ ወይ ትምኒታዊ ባህጊ ዘይኮነስ- ኣገዳስን ኣድላይን መንገዲ ሰላም እዩ። ነቶም ካብ ቀዳሞት ወለድና ዝወረስናዮም ኣኽብሮት፣ ትሕትና፣ ሓቅነት፣ ፍትሓውነት ፈሪሓ እግዚኣብሔርን ምስ እንመልሶምን ንትግብሮምን ኢርትርዋያን ነንሓድሕዶም ጽን ኢሎም ዝሰማማዕሉን ነንሕድሕዶም ዝተኣማመንሉን ብሓባር ቁስሎም ዝሓውየሉ ሞራላዊ መሰረት ክሃንጹ ይኽእሉ እዮም ኢልና ንኣምን።**

**ኣብ ሓቀኛ ባህሊ ዝተሞርኮሰ ማሕበረ ሰብ ነንሕድሕዱ ክላዘብን ክዕረቕን ሓድነት ከመዝግብን ይኽእል። ስለ ዝኾነ ድማ ባህላዊ ትንሳኤ ንጉዕዞ ሰላም ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኸውን።**